# ስማርት ቢዝነስ ፕሮግራም

ዓላማ ናይ ስማርት ቢዝነስ ፕሮግራም ፡ ንናእሽቱ ቤት ስራሕት / ቢዝነስ / ፡ በዚ እዋን ዘለዎም ዘይእኹል ሓይሊ መብራህቲ ፡ ተቓባልነት ብዘለዎ እኹል ናይ መብራህቲ መሳርሒ ንምቕያር ፡ ብናይ ፋይናንስ ሓገዝ ንምትብባዕ እዩ ። ንህሉው ዘሎ ንሓደ ኣምፑል [መብራህቲ] ወይ ንሓደ ቀዋሚ ከብሒ /ፊክስቸር/ ብሓድሽን ስሉጥን ምስ ትቕይር ካብ $25 ክሳብ ፩65 ዝበጽሕ ተመላሲ ገንዘብ [ሪበይት] ይወሃበካ ።

**ጥቕምታት**

ኣብ ቤት ስራሕኩም ትኸፍልዎ ናይ ኤለክትሪክ ክፍለት ፡ ካብኡ 60% ናይ ውሽጣዊ መብራህቲ ይሕዝ ። ኣሳልጦ ዘለዎ ናይ ኤለክትሪክ መሳርሒ ምእታው ከምዚ ዝስዕብ ውጽኢት ኣለዎ ።

- ሕሱር ናይ ኤለክትሪክን መብራህትን ምትዕርራዩ ድማ ሕሱር ።
- ዝተመሓየሸ ናይ መብራህቲ ዓይነት
- ኣበርክቶ ስራሕ ይውስኽ ፡ ዝበለጸ ድሕንነት ዘለዎ ሰፈር ከአ ይኸውን ።

**ንሓገዝ ዘብቅዕ**

ዝኾነ ንእሽቱ ስራሕቲ [ቢዝነስ] ኣብ ሲያትል ሲቲ ላይት ኣገልግሎት ኣከባቢ ዝርከባ ድማ ኣብ መደባዊ ደረጃ ክፍሊት ዝርከባ [ ናይ ቀደም ዝነበረ መለካዕታ መደብ 31 ን 56 ን ] ፡ ክፋል ናይ ሰንሰለት ካምፓኒ ዘይኮና ፧ ካምፓስ ወይ ትካል ዘይኮና ነዚ ፕሮግራምዚ ይበቕዓ እየን ። መጠን ደረጃ ናይ ክፍሊትኩም ናይ ቤት ስራሕኩም [ቢዝነስ] ኣብቲ ናይ ኤለክትሪክ ክፍሊት [ቢል] ይርከብ ወይ ናብ ቁጠባ ሓይሊ ኤለክትሪክ ብቑጽሪ **206.684.3800** ደዊልካ ክትርዳእ ይካኣል ወይ ድማ ነዚ ሓበሬታዚ ንምርካብ በዚ ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ክትሓትት ይከኣል ።

**ኣብዚ ብኸመይ ትካፈል**

ንምክፋል ቀሊል'ዩ ። ሲያትል ሲቲ ላይት ናይ ስራሕ ገምጋምን ግምት ክህቡኻ ዝኽእሉ ፡ ናይ ሓይሊኤለክተሪክ ተኹናተርትን ኣቕረብቲ ኣገልግሎትን ስም ዝርዝር ክህብኹም ይኽእሉእዮም ። ወይ ድማ ባዕልኻ ናይ ኮንትራክቶር ሊቸንሳ ዘለዎ ትካል በቲ ተቕባልነት ዘለዎ ናይ ኤለክትሪክ ኣሰራርሐ ክሰርሓልካ ክትመርጽ ይካኣል እዩ ። ብቑጽሪ ቴሌፎን **206.684.3800** ደዊልካ ወይ ድማ በዚ ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ል ኢኽካ እንተድአ ስራሕካ ንሓገዝ ዝበቅዕ ኰይኑ ኣረጋጊጽካ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ክትረክብ ይካኣል እዩ ። ሲያትል ሲቲ ላይት ፡ ናብ ዝኾነ ኮንትራክቶር ወይ ውሃብ ኣገልግሎት ኣይመርሐካን'ዩ ወይ ኣይሕብረካን'ዩ ። ከም ገንዘብ ምህላዉ ፡ ምትብባዕ ናይዚ ፕሮግራምዚ ክቀያየር ይኽእል'ዩ ።

**ሰንትራል ኤርያ ነይበርሁድ ናይ ሓይሊ ኤለክትሪክ ፕሮጀክት**

ብዛዕባዚ ፕሮግራምዚ ኣብ ትድውልሉ ግዜ ፡ ቤት ስራሕኩም [ቢዝነስ] ኣብ ሰንትራል ኤርያ እንተድአ ኾይኑ ዝርከብ ክትነግሩና ይግባእ ። ንዝተፈልዩ ናይ መተባብዒ ሓገዝ ፡ ብቕዓት ክህልወካ ይከኣል ይኸውን'ዩ ።

**ተወሳኺ ሓበሬታ፡** ናይ ብሙሉኡ ናይ ስማርት ቢዝነስ ፕሮግራም ሓበሬታ እንተድአ ደሊኹም ፡ ናብ ቻርለስ ቨለንቲን ብቑጽሪ ስልኪ **206.684.4215** ክትድውል ይከኣል ወይ ድማ ኢመይል ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትል እኩ ይከኣል ።